ኣይኪዉ ስፋት ቴክኒካል ኮሌጅ ንምምሃር ምስትምሃር ዝጥቀመሎም ዝነበረ ዝተፈላለዩ ኣቅሑት (Different Materials) ናይ ኤሌክትሪክ : ኮንስትራክሽን : ኤሌክትሪካል ኢንስታሌሽን :ኣይሲቲ :ኣካዉንቲንግን ድፓርትሜንታት ዝጥቀመሎም ዝነበረ ኣቅሑት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥሪ 30, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 6, 2016 5:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 6, 2016 8:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

1 ኣብቲ ጨረታ ዝሰዓረ ምካኑ ምስተነገሮ ኣብ ዉሽጢ ክለተ መዓልቲ ዘሸነፈሉ ዋጋ ሙሉእ ክፍሊት ክፍፅምን ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልታት ድማ ብናይ ባዕሉ መገዓዝያ ዝሰዓሮ ንብረት ክወስድ አለዎ

2 ካብ ዕለት 29/5/2016 ዓም ክሰብ 6/6/2016 ዓም ሰዓት 5:30 ቐትሪ ኣብ ኣይኪዉ ስፋት ቴክኒካል ኮሊጅ ብኣካል እናቀረበኩም ዘይመለስ ብር 50 ብምክፋል ኩሉ ገዘ ኣብ ሰራሕ ሰዓት ቅደሚ ሰዓተ 2:30 ክሳብ 6:00 ድሓሪ ሰዓተ ድማ ካብ 8:00 - 11:00 ሰነድ ጨረታ ገዚእኩም ምዉሳድ ትክእሉ

3 ዝትወዳደርሉ ዋጋ መሊእኩም ከምእዉን ዝወሰድክምዎ በዓል 7 ገፅ ሰነድ ጨረታ ኣብ ሕድሕ ገፅ ናይ ተጫረቲ ፊርማን ማህተምን ብምግባር ብምትሕሓዝን ኣብ ዝተዓሸገ ፖስታ ኣይኪዉ ስፋት ቴክኒካል ኮሌጅ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ከተእትዉ ትክእሉ

4 ጨረታ ዕለት 6/6/2016 ዓም ሰዓት 5:30 ተዓፀዩ ዕለት 6/6/2016 ዓም ድሕሪ/ ፋዱስ ሰዓት 8:00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከበሉ ኣብ ኣይኪዉ ስፋት ቴክኒካል ኮሌጅ ይክፈት

5 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ጨረታ መከበሪ ብሕጋዊ ስፒኢ ወይድማ ብጥረ ገንዘብ 10000 /ዓሰረተ ሽሕ/ ከትሕዝ ይግባእ እቲ ድምር ዋጋ ጨረታ ክልተ ካብኡ ንላዕሊን ተጫረቲ እንድሕር ማዕረ ዋጋ መሊኦም / ማዕረ እንተ ኣምፂኦም / ሸዑ ንሸዑ ዳግም ክወዳደሩ ይግበር ሐዚእዉን ማዕረ እንተወፂኦም ድማ ብዕፃ ይፍለዩ

6 ናይ ዋጋ መምልኢ ቅጥዒ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ ኣይግባእን

7 ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0911548241 / 0929262292

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle